ንውላድኩም ንመዋእለ ህጻናትን ንድሕሪኡ ዘሎ ናይ ቤት ትምህርቲ ደርጃን ከተዳልውዎ ትድልዩዶ፧

ነዚ ንምትግባር ፍሉይ ነገር ምግባር ኣየድልን ኢዩ። ንውላድኩም ብኣተኩሮ ምስ እተሰንይዎን ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ምስ እተሳትፍዎን፡ ዝበለጸ ሓጋዚ ዕቤት ኢዩ። ብኸምዚ መንገዲ ህጻናት ንመጻኢ ሂወቶምን ትምህርቶምን ሓገዝቲ ዝኾኑ ነገራት ይምሃሩ። ኣብ ትሕቲ www. kinder-4.ch ዝርከባ ሓጸርቲ 40 ፊልምታት፡ እቲ ምስ ስድራኻ እተሕልፎ ግዜታት፡ እቲ ዝበለጸ ናይ መምሃሪ ቦታን እዋንን ከምዝኾነ፡ ኣብነት የርእያ። ወለዲ ደቆም ሓገዝ ኣብ ዘድልዮም እዋናት ደገፍ ይገብሩሎም እዮም። ስለዚ እዚ ዝስዕብ ሓደ ሓደ ነገራት ከም ኣብነትን ከም ተወሳኺ ሓበሬታን ዝተሓሰበ እዩ።

እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ፡ ንስኹም ምስ ውላድኩም ኣብ ዓወቱ ሕጉሳት ምዃንን፡ ኣብቲ ናብ ዓወት ዘብጽሖ መንገዱ ምትብባዕን፡ ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ነገራት ባዕሉ ንኽፍጽም ምግዳፉን እዩ።

<table>
<tr><td rowspan="2">ምዝራብ<br></td><td>ምስ ውላድኩም ተዕልሉዶ፧ ብቛንቛ ኣዴኹም ምስ ውላድኩም ትዛረቡዶ፧</td></tr>
<tr><td>ህጻናት እንድሕር ሰብ ምስኦም ተዛሪቡን፡ ንሳቶም'ውን ንኽዛረቡ ዕድል ምስ ዝረኽቡን ጥራይ እዮም ብቛንቛ ክምዕብሉ ዝኽእሉ።<br><br>እንድሕር ህጻናት ስድራ ቤቶም ዝመልከዎ ቛንቛ ተማሂሮም፡ ንሳቶም'ውን ካልእ ቛንቛ ንኽምሃሩ ጽቡቕ መሰረት ይህልዎም። ወለዶም ዝተፈላለየ ቛንቛ ዝዛረቡ ምስዝኾኑ፡ ኣየናይ ቛንቛ መዓስ ከም ዝዝረብ ንጹር መምርሒ ምስዝህሉ፡ ሓጋዚ ይኸውን።</td></tr>
<tr><td rowspan="2">ምስማዕ<br></td><td>ምስ ውላድኩም ናይ ስእሊ መጽሓፍ ትርእዩ'ዶ፧ ነቲ መጽሓፍ ተንብቡሉ ወይ ብዛዕብኡ ምስኡ ተዛረቡዶ፧ ንውላድኩም ዛንታታትን ካልእ ታሪኻትን ትነግርዎዶ፧</td></tr>
<tr><td>ብግቡእ ኣድህቦ ምስማዕ ኣገዳሲ ቅድመ ኩነት ንምምሃር ኣብ ቤት ትምህርቲ እዩ። ህጻናት ካብ ንእሽቶኦም ኣትሒዞም ተገዳስነትን ፍቕርን ኣብ መጽሓፍትን፡ ስእልታትን፡ ዝተፈላለዩ ጽሑፋትን ምስ ዘጥርዩ፡ ድሓር ምጽሓፍን ምንባብን ንኽምሃሩ ይቐለሎም።</td></tr>
<tr><td rowspan="2">ምርዳእ (ምሓዝ)<br></td><td>ውላድኩም ሓደ ሓደ ነገራት ብኢዱ ንኽድህስስን ንኽሕዝን ግደፍዎ  (ንኣብነት ከዳውንቲ፡ ካራ፡ ፋርኬታ፡ ማንካን መግብታትን ወዘተ)። ነዚኦም ነገራት በስማቶም ትጽውዕዎምዶ፧ ንደቅኹም ትገልጹሎምዶ፧</td></tr>
<tr><td>ቆልዑ ንኽፈልጡ ይሀንጠዩ እዮም። ንዓለም ክፈልጥዋ'ውን ይደልዩ። ህጻናት ብኽልተ መንገዲ ክፈልጡ ይኽእሉ፡ ብምሓዝን (ምትንካፍን) ብምርዳእን።</td></tr>
<tr><td rowspan="2">ቅርጽታት<br></td><td>ውላድኩም ምስ ማይ፡ ሑጻ፡ እምኒ፡ ቆጽሊ፡ በረድ፡ ባዴላ፡ ኩባያታት፡ ወዘተ ንኽጻወት ዕድል ትህብዎዶ፧</td></tr>
<tr><td>ከምዚ ዓይነት ጸወታ (ንኣብነት በረድ ምምላእ፡ ምግምጣል፡ ቅርጽታት ምስራሕ፡ ወዘተ) ንህጻናት እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ንፍልጠት ቁጽርን ዓይነት ነገራትን ኢዩ።</td></tr>
</table>

| | |
|---|---|
| ምህናጽ  | ውላድኩም ዝተፈላለየ ቅርጽታት: ሌጎን (መጻወቲ ናይ ህንጻ ሕጡባት): ባኮታትን: ወዘተ ንኽሃንጽ ዕድል ትሃብዎዶ፧ |
| | እቲ ህጻን ብኸምዚ መንገዲ: ቅርጽታትን: ዓቐንን (ዓቢዶ ንእሽተይ: ብዙሕዶ ውሑድ) የለልን ንኽፈላልዮም ድማ ይምሃርን:: |
| ምቕባእ  | ንውላድኩም ወረቐትን ዝተፈላለየ ሕብርታትን ትቕርቡሉዶ፧ ንኽቕብእን ሓደ ሓደ ነገራት ንኽፈጥርን ድማ ዕድል ትህብዎዶ፧ |
| | ብኸምዚ መንገዲ ውላድኩም ምንቅስቓስ ኣእዳውን ኣጻብዕትን ይምሃር:: እዚ ዓይነት ምንቅስቓስ: ድሓር ምጽሓፍ ንኽኽእል ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ:: |
| ነገራት ምስራሕ  | ንውላድኩም ወረቐት: ባኮታት: መላገቢ ጎማታት: ኮላ: መቐዝን ካልኦት ነገራትን ትህብዎዶ፧ ምስኡ ኼንኩም'ከ ነገራት ትስርሑዶ፧ ወይ ድማ ኣብ ሕብስቲ ምስራሕን ካልእ ነገራትን ተሳትፍዎዶ፧ |
| | እቲ ህጻን ምንቅስቓሳቱ ንኽቋጻጸር: ናይ ፈጠራ ክእለቱ ንኽማዕብልን ሓሳባት ከተግብርን ይምሃር:: |
| ተመኩሮ ምጥራይ  | ምስ ውላድኩም ኣብ ተፈጥሮኣዊ ቦታ (በረኻ) ትኸዱዶ፧ ንዕዳጋ ይኹን ናብ ናይ ሕጽቦ ቦታ (ብሓፈሽኡ ናብቲ ትኸድዎ ቦታ) ሒዝኩሞ ትኸዱዶ፧ ኣብኡ ዘለዉ ነገራትከ ከድህስስ: ንኽጥቀመሎምን: ዋላ ሓደ ሓደ ግዜ ንኽረስሕን ዕድል ትህብዎ ወይ ተፍቅዱሉዶ፧ |
| | ውላድኩም ብኸምዚ ነገራት ዝተፈላለየ ተመኩሮ የጥርይ: ፍልጠቱ የስፍሕን ሕግታት ምኽባር ይምሃርን:: |
| ባዕልኻ ምስራሕ  | ውላድኩም ሓደ ሓደ ነገራት ባዕሉ ክገብር ይፍቀደሉዶ: ዋላ'ኳ ሓንሳብ ሓንሳብ ነቲ ነገር ንምፍጻም ነዊሕ ግዜ ይውሰደሉ፧ (ንኣብነት ባዕሉ ክዳኑ ምምላስ: ሽንትቤት ምጥቃም: ጣውላ ምንጻፍ/ምቕራብ: ቱፋሕ ምቕራፍ: ወዘተ) እቲ ህጻን ባዕሉ መፍትሒ ንኽረክብ ተተባብዕዎዶ፧ ሓደ ሓደ ጸገማት/ ንኽወጾም ትሕግዝዎዶ፧ |
| | ህጻናት ሓደ ስራሕ ብግቡእ ባዕሎም ብዘይ ሓገዝ ንኽሰርሕዎ ግዜ የድልዮም:: ርእሰኻ ምኽኣል: ንህጻን ንመዓልታዊ ናይ ቤት ትምህርቱ ህይወት የቃልለሉን ከምኡ'ውን ርእሰ ተኣማንነት ከምዝህልዎ ይገብርን:: |
| ብሓንሳብ ምጽዋት  | ውላድኩም ምስ ካልኦት ህጻናት ቀጻሊ ክጻወት ተኽእሎ ኣለዎዶ፧ |
| | ህጻናት ብሓንሳብ ብምጽዋት ብዙሕ ነገራት ካብ ነንሕድሕዶም ይምሃሩ:: እዚ ማለት: ድሌት ብጾቶም ንኽለልዩ: ናቶም ድሌት ንኽትግብሩ: ነንሕድሕዶም ንኽረዳድኡ: ክተሓጋገዙን: ክሰማምዑን ይምሃሩ:: እዚ ከኣ: ውላድኩም ነቲ ድሓር ዝመሃረሉ ክፍሊ ጽቡቕ ንኽለምዶን ቦትኡ ንኽረክብን ይሕግዞ:: |